# ሓጺር ታሪኽ ሕጋዊ መኸተ

# ህዝቢ ኤርትራ ብኣጋጣሚ

# ዝኽሪ 30 ዓመት ረፈረንዱም ኤርትራ

# III



A Popular Vote That Gave Birth to a Nation

ሰለሙን በርሀ

ቅድሚ 30 ዓመታት፡ ካብ 23-25 ሚያዝያ 1993 ዝነበረ መዓልታት፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ውሽጢን ወጻኢን፡ ነቲ መሪር ቃልሲ ኣሕሊፉ፡ ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ፡ ብኣንጻባራቒ ወተሃደራዊ ዓወት ዘረጋገጾ ዘይግሃስ ሰብኣዊን ሃገራዊን መሰሉ፡ ኣብ ቅድሚ ኣህጉራውያን ተዓዘብቲ፡ ረፈረንዱም ብምክያድ፡ ብ99.8% ድምጺ ሕጋውነቱ ደጊሙ ዝኹልዓሉ ናጽነቱን ልኡላውነቱን ከም ህዝቢን ሃገርን ብዕሊ ዘረጋገጸሉ፡ ፍስሃ ወ ሰላም ዝዓሰሎ ታሪኻዊ ቅንያት እዩ ነይሩ። ናጽነት ኤርትራ፡ ብዘይፍትሓዊ ውሳነ ብዓሎቕ ንምጉዕጻጹ ተፈቲኑ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብመሪሕነት ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ተቓሊሱ ረዚን መስዋእቲ ከፊሉ ናብ ልክዕ መስመሩ ዝመለሶ ብምዃኑ፡ ብዘይ ረፈረንዱም እውን ሕጋዊ'ዩ። ረፈረንዱም ከኣ፡ ነቲ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ

ግንባር ብብረታዊ ቃልሲ ዘምጽኦ ናጽነት፡ ህዝቢ ኤርትራ ብድምጹ ኣጽዲቑ፡ ሕጋውነት ልኡላውነቱ ደጊሙ ዝኹልዓሉን ዝደርዓሉን ዓቢ ታሪኻዊ ፍጻመ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ናብዚ ታሪኻዊ ዕለት ንምብጻሕ ዝሓለፎ ታሪኽ ብሓጺሩ ንምዝኽኻር ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ ኣመጻጽኣ ሃገርን ሃገራውነትን ኤርትራ፡ ብኣንጻር ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ዝተበየነ ውሳነ ፌደረሽን፡ ምፍራስ ፌደረሽንን ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራን ብሕጽር ዝበለ ተመልኪትና። ኣብ 1977-1978 ድማ ሰውራ ኤርትራ፡ ንሰፊሕ ቦታታት ኤርትራ ተቘጻጺሩ ንሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ውሱን ከተማታት ከምዝሓጸሮ ርኢና። መቐጸልታኡ ይስዕብ፦ *** ስርዓት ደርግ፡ ኣብ 1977-1978 በቲ ብሓይልታት ሰውራ ዝወርዶ ዝነበረ መጥቃዕቲታት ኣብ ኤርትራ ዝነበሮ ቁጽጽር እናጥፍአ ክኸይድ እንከሎ፡ ብሸነኽ ምብራቕ እውን ብሰንኪ ጉዳይ ኦጋዴን ምስ ሶማል ከቢድ ኲናት ተኸፊቱ፡ ሰራዊት ሶማል ንውሽጢ መሬት ኢትዮጵያ ብምእታው፡ ክሳብ ከተማታት ጅጅጋን ሃረርን በጺሑ ነበረ። ኣብቲ እዋን'ቲ ስርዓት ደርግ ንኣመሪካ ገዲፉ፡ ኣብ ማሕበርነታዊ ደምበ ተጸጊዑ ብምንባሩ፡ እዚ ምዕባለታት'ዚ ንግሎባዊ ረብሓ ሕብረት ሶቭየትን መሻርኽታን ኣብ ኣጠራጣሪ ኩነታት ኣውደቖ። በዚ ድማ ሕብረት ሶቭየት፡ ህላወ ስርዓት ደርግ ንምውሓስ ገዚፍ ወተሃደራዊ ምትእትታው ክትገብር ወሰነት። ከም ውጽኢት ናይዚ ምትእትታው'ዚ ደርግ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝነበሮ ወተሃደራዊ ሓይሊ፡ ተወሰኽቲ ልዕሊ 300 ሽሕ ወተሃደራት ከዐስክር ከኣለ። 17,000 ኩባውያን ወተሃደራትን ካብ ዝተፈላለያ ሃገራት ማሕበርነታዊ ደምበ ዝመጹ ኣማኸርቲን ድማ ንሓገዝ ኣብ ጎድኑ ተሰለፉ።

ብኣሽሕት ዝቑጸር ከበድቲ ሕጉስ ቅንያት - ረፈረንዱም (3ይ ክፋል) ሰለሙን በርሀ ኣጽዋራት፡ መዳፍዓት፡ ታንክታት፡ ሚሳይላትን ነፈርቲ ውግእን ናብ ኢትዮጵያ ተጓረተ። በዚ ደገፍ'ዚ፡ ኢትዮጵያ ኣብ ጸሊም ኣፍሪቃ ዝዓበየ ወተሃደራዊ ሓይሊ ክትሃንጽ ከኣለት። ፈለማ ናብ ሶማል ወፍሪ ብምግባር ከኣ፡ ኣብ ሓጺር ግዜ ንሰራዊት ሶማልያ ስዒራ ናይ ምብራቕ ስግኣታ ኣወገደት። ድሕሪ'ዚ ኣቓልቦ ስርዓት ደርግን ሕብረት ሶቭየትን ናብ ምድምሳስ ሰውራ ኤርትራ ቀንዐ። ቅድሚ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ምውሳዶም ግን፡ ነቲ ኣትሪሩ ክምክት ይኽእል እዩ ዝበልዎ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ንሰላማዊ ዘተ ኣብ በርሊን ርእሰ ከተማ ምብራቕ ጀርመን ዓደምዎ። ትሕዝቶ ርክብ በርሊን

ግን ሰላማዊ ዘተ ዘይኮነ፡ ታህዲድን ምፍርራሕን'ዩ ዝነበረ። ኣብዚ ዘተ'ዚ፡ ንመሪሕነት ህ.ግ. "ወይ ደርግ ዝበለኩም ስምዑ፡ ወይ ክትድምሰሱ ኢኹም" ዝዓይነቱ ምጉብዕባዕ ቀረበሉ።

መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር በዚ ኣይተሰናበደን። ዓቕሚ ስርዓት ደርግ ክሳብ ዝተመጠጠ ይመጠጥ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንሓርነት ደው ከምዘይብልን ተዓዋቲ ምዃኑን ብምግላጽ፡ "እቲ ትኣምንዎ ሰራዊትን ኣጽዋርን ሒዝኩም ኣብ ሜዳ ኤርትራ የራኽበና" ብዝብል ቃላት ካብ ኣኼባ በርሊን ተፋነወ። ስርዓት ደርግ ብገዚፍ ወተሃደራዊ ሓይሉን ደገፍ ሕብረት ሶቭየትን ተኣማሚኑ፡ ንሰውራ ኤርትራ ሓንሳብን ንሓዋሩን ንምጥፋእ ኣብ ዝነቐለሉ፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ካብ ኩሉ ተቘጻጺርዎ ዝነበረ ከባቢታት ብምዝላቕ፡ ኣብ ጎቦታት ሳሕል ዓሪዱ ክረባረብ ታሪኻዊ ውሳነ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ ወሲዱ ዘድሊ ምድላዋቱ ኣጻፈፈ። ኣብ መፋርቕ 1978፡ መጠነ ሰፊሕ ወራራት ደርግ ኣብ ዝጀመረሉ ድማ፡ ደረጃ ብደረጃ እቲ ናይ ምዝላቕ ስጉምቲ ክትግበር ጀመረ። ካብ መፋርቕ ሓምለ 1978 ክሳብ መፋርቕ ሓምለ 1979 ኣብ ዝነበረ ሓደ ዓመት፡ ስርዓት ደርግ 5 ተኸታተልቲ መጠነ ሰፊሕ ወራራት ከካይድ እንከሎ፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ብዘይካ ንከተማ ናቕፋ፡ ንኹለን ሓራ ኮይነን ዝነበራ ከተማታት ገዲፉ፡ ኣብቲ ጽኑዕ ደጀኑ ሳሕል በጽሐ። ንከተማ ናቕፋን ሓያሎ ቦታታት ሳሕልን ደጀኑ ብምግባር ድማ፡ ካብ ናቕፋ ክሳብ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ዝዝርጋሕ ሰንሰለታዊ ዕርድታት ሃኒጹ ኣብ ቀዋሚ ናይ ምክልኻል ውግእ ኣተወ። እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ሓይልታት ተ.ሓ.ኤ. እውን ብተመሳሳሊ መገዲ ካብ ኩሉ ከባቢታት ኤርትራ ኣዝሊቑ ንባርካ ወረደ። እቲ ዝበርትዐን ወሳንን ውግኣት ግን ምስ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ይካየድ ነበረ።

መስርሕ ስትራተጂያዊ ምዝላቕ፡ ንኹሉ ሓራ ቦታታት ብሓንሳብ ራሕሪሕካ፡ ናብ መዕቈቢኻ ምጉያይ ኣይነበረን። ህ.ግ. ዓቕሚ ሰቡ ብዝከኣል እናዓቀበ፡ ኣብ ዘድሊ እዋን መስዋእቲ እናኸፈለ ብኹሉ ኩርናዓት ዝተወልዐ ውግኣት እናመከተ፡ ፖለቲካዊን ቁጠባዊን ዒላማታት ሰውራ እናተኸላከለ፡ ካብ ጸላኢ ዝስለብ ንብረት እናሰለበ፡ ደረጃ ብደረጃ ናብቲ ናይ መጨረሽታ ቀዋሚ ዕርድታት ክኸውን ዝተመርጸ ቦታ ብምብጻሕ፡ ቀጻልነት ቃልሲ ዘረጋግጽ ደጀን ኣውሒሱ እዩ ንመስርሕ ምዝላቕ ተግቢርዎ። መዘና ዘይብሉ ጽንዓት፡ ተጻዋርነትን ተወፋይነትን ዝሓተተ መድረኽ ድማ እዩ። ምስዚ ተኣሳሲሩ፡ ቀጻልነት ናይቲ ቃልሲ ንምርግጋጽ፡ ኣብዚ መድረኽ'ዚ፡ ንህዝቢ በብማሕበራዊ

ቀጸላታቱ ዝውድባን ዘንቅሓን፡ ከም ናይ ተማሃሮን መንእሰያትን፡ ናይ ደቀንስትዮ፡ ናይ ሰራሕተኛታትን ሓረስቶትን ማሕበራት ብምቝም ሰፊሕ ፖለቲካዊ ስርሓት የካይድ ነበረ። ስርዓት ደርግ ኣብቲ ዘካየዶ 5 ተኸታተልቲ ወራራት፡ ኣስታት 50 ሽሕ ሰራዊት ክኸስር እንከሎ፡ ብዙሕ ካብ ኣጽዋራቱ ታንክታቱን ወተሃደራዊ መካይኑን ተመንዚዑ ንብረት ሰውራ ኮነ። በዚ ድማ፡ ናህሪ ወራራቱ ተዓገተ። ህዝባዊ ግንባር ነዚ ብምግምጋም፡ ኣብ መወዳእታ ታሕሳስ 1979ን ክምኡ'ውን ኣብ ጥሪ 1980 ኣብ ግንባራት ናቕፋን ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ጸረ-መጥቃዕቲ ብምውሳድ፡ ኣብ ልዕሊ ወራሪ ሰራዊት ደርግ ሰፍ ዘይብል ክሳራ ኣውሪዱ፡ ተወሰኽቲ ኣጽዋራት ሰሊቡ፡ ሓይሉ ዝያዳ ኣደልደለ። ድሕሪ'ዚ ስርዓት ደርግ፡ ንክልተ ዓመታት ዝኣክል፡ ካብ ውግእ ተቈጢቡ፡ ንኻልእ ዝዓበየን ናይ መጨረሽታን ደምሳሲን ወራር ሰፊሕ ምድላዋት ኣብ ምግባር ኣተወ።

ኣብዚ ከቢድ ናይ ምዝላቕ እዋን፡ ኣብ መሪሕነት ተ.ሓ.ኤ. ምስ ስርዓት ደርግ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ናይ ምእታው ዝምባለታት ተኸሲቱ ነበረ። ህ.ግ. ምስ ሰራዊት ደርግ ሓያል ምርብራብ ኣብ ዘካይደሉ ዝነበረ እዋን ከኣ፡ ተ.ሓ.ኤ. ዳርጋ ኣበርክቶ ኣይነበሮን። እኳ ድኣ ብኣንጻሩ፡ ንህዝባዊ ግንባር ብድሕሪት ናይ ምውጋእ ፈተነታት የካይድ ነበረ። እዚ ሽርሒታት'ዚ፡ ንመስርሕ ሃገራዊ ስምረት ኣብ ርእሲ ምዕንቃጽ፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ውድባት ዝነበረ ግርጭት ዳግም ኣባልሐ። ኣብ 1981 ድማ ናብ ኲናት ሓድሕድ ኣምርሐ። በቲ ዝተኻየደ ውግእ፡ ተ.ሓ.ኤ. ካብ ሜዳ ኤርትራ ተጸሪጋ ንሱዳን ብምእታው ተበታተነት። እዚ ምዕባለ'ዚ ተደላዩ እኳ እንተዘይነበረ፡ ሰውራ ኤርትራ ኣቓልቦኡ ከይተገዛዝዐ፡ ምሉእ ሓይሉ ኣንጻር ወራሪ ሰራዊት ኢትዮጵያ ከቕንዕ ዘኽኣሎ ምዕባለ እዩ። ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ምስ ተ.ሓ.ኤ. ኣብ ኲናት ሓድሕድ ተጸሚድሉ ኣብ ዝነበረ እዋን፡ ደርግ ግዜ ወሲዱ፡ ሰፊሕ ንዋታዊን ሰብኣዊን ምቅርራባት ክገብር ዕድል ረኺቡ ነበረ። ድሕሪ'ዚ ኩሉ ምቅርራባት ድማ፡ ንሰውራ ኤርትራ ሓሳብን ንሓዋሩን ካብ ገጽ መሬት ንምሕካኽ፡ "ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ" ዝጽዋዕ 'ናይ መወዳእታን ውሳንን' ዝበሎ ወተሃደራዊ ወፍሪ ከካይድ ውጥኑ ኣጻፈፈ። ካብ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝተወከሉን ወጻእተኛታት ደገፍቱን ዝተረኸብሉ ጉባኤ ኣብ ኣስመራ ብምቅናዕ፡ "ኣስመራ ማኒፌስቶ" ዝተሰምየ ወግዓዊ ኣዋጅ ብምሕላፍን ድማ፡ ንመጠነ ሰፊሕ ወራር ነቐለ። እቲ ውጥን ንሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ብኹሉ ወገን እንተላይ ብመሬት ሱዳን

ተጠዊኻ ኣብ ከበባ ብምእታው፡ ኣብ ውሽጢ 2 ወይ 3 ሰሙን ምሉእ ብምሉእ ምድምሳስ እዩ ነይሩ።

እቲ ቀንዲ መጥቃዕቲ ቅድሚ ምጅማሩ፡ ስርዓት ደርግ ኣብ ከበሳታትን ካልእ ከባቢታት ኤርትራን ንዝንቀሳቐስ ዝነበረ ደባይ ኣሃዱታት ህ.ግ. መሺጡ ንምጽራግ፡ “ኣልፋ ፕሮጀክት” ዝተሰምየ ሰፊሕ ወፍሪ ኣካየደ። ምንቅስቓስ ደጀን ህዝባዊ ግንባር ንምልማስ ድማ ብለይቲን ብቐትሪን ንወርሒ መመላእታ ዝቐጸለ ብርቱዕ ደብዳብ ነፈርቲ ኣካየደ። ናብ 15 ለካቲት ኣብ ዘውግሐ ለይቲ ከኣ፡ እቲ ቀንዲን ናይ መወዳእታን መጥቃዕቲ ብግንባራት ናቕፋ፡ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል፡ ባርካን ሓልሓልን ጀመረ። እዚ ብኣርባዕቲኡ መኣዝን ዝወፈረ እልቢ ዘይብሉ ሰራዊትን ኣጽዋርን፡ ንኹሉ ግንባራት ኣፍሪሱን ሰናጢቑን ድሕሪ 18 መዓልታት ኣብ ኣዶብሓ ክራኸብ ከም ውዱእ ተወሲዱ ነበረ። እንተኾነ፡ ብግንባር ባርካ ዝተበገሰ መጥቃዕቲ ኣብ ውሽጢ ናይ ሳልስቲ ውግእ ኣብ ዘይተጸበዮ ድብያ ኣትዩ ፍጹም ስለዝተደምሰሰ፡ ክቐጽል ኣይከኣለን። ግንባራት ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕልን ናቕፋን ንምስባር ዝተፈነወ መጥቃዕቲ ድማ ኣይሰለጠን። ን95 መዓልታት ከኣ ነዚ ግንባራት’ዚ ንምፍራስ ኣዝዩ መሪር ኵናት ቀጸለ። ብ20 ሰነ 1982 ድማ እቲ ብዙሕ መስዋእቲ ዝተኸፍሎ መጠነ ሰፊሕን ዝበርትዐን ወራር፡ ብስዕረት ሰራዊት ደርግ ተዛዘመ። ደርግ ኣብዚ ኵናት’ዚ ልዕሊ 40,000 ሰራዊት ኣጥፊኡ፡ ከቢድ ሰብኣዊን ንዋታዊን ክሳራ ተሰከመ። 6ይ ወራር ህዝባዊ ግንባር ኣዝዩ ጽንኩርን ፈታንን መድረኽ ብዓወት ሰጊሩ ቀጻልነትን ተዓዋትነትን ሰውራ ዘረጋገጸሉ፡ ጽንዓትን መኸተን ህዝቢ ኤርትራ ንመግዛእቲ ዝያዳ ዝሓየለሉ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ዝለዓለ ናይ ውግእ ብቕዓት ዘመስከረሉ ኣገዳሲ መድረኽ እዩ ነይሩ።

ስርዓት ደርግ እቲ ንክልተ ዓመት መመላእታ ምድላዋት ዝገበረሉ መጠነ ሰፊሕ 6ይ ወራር ድሕሪ ምፍሻሉ፡ ንሰውራ ኤርትራ ብሓይሊ ምድምሳስ ዘይክኣል ምኳኑ ክግንዘብ እኳ እንተነበሮ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር በቲ ኣብ 6ይ ወራር ዝገጠሞ ከቢድ ውግእ ተዳኺሙ እዩ ብዝብል ቅማረ፡ ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ፡ ማለት ኣብ መፋርቕ 1983 “ካልኣይ ገጽ ወፍሪ ቀይሕ ኮኾብ” ዝተሰመየ 7ይ መጠነ ሰፊሕ ወራር ኣበገሰ። እዚ ወራር’ዚ ብኣንጻር 6ይ ወራር ብዘይእዉጅ መገዲ “እንተቐጾ ቀጾ እንተዘይቀጾ ሕንጣጦ” ኢሉ ዘንቀሎ ብምንባሩ ድማ፡ ብተጋደልቲ “ሰላሕታ ወራር” ተባሂሉ ተጸውዐ። ሰላሕታ ወራር እውን ከም 6ይ ወራር ድሕሪ ናይ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ምርብራብ፡ ዝኾነ ፍረ

ከየምጽአ ብስዕረት ሰራዊት ደርግ ተዛዘመ። ድሕሪ ፍሽለት 6ይን 7ይን ወራር ሰውራ ኤርትራን ስርዓት ደርግን ኣብ መድረኽ ጃላነት እዮም ኣትዮም። ህ.ግ. ድኽመት ስርዓት ደርግ ድሕሪ ምግምጋም፡ ኣብ ጥሪ 1984 ኣብ ከተማ ተሰነይ መጥቃዕቲ ብምፍናው ነታ ከተማን ከባቢኣን ተቘጻጸሮ። ኣብ ወርሒ መጋቢት ናይቲ ዓመት'ቲ ድማ፡ ንግንባር ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ኣጥቂዑ፡ "መብረቅ እዝ" ንዝተባህለ ገዚፍ ክፋል ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ምሉእ ምሉእ ደምሰሶ።

ኣብዚ ክልተ ግጥማት ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ብርክት ዝበለ ኣጽዋራትን ተተኩስቲን ብምምንዛዕ ሓይሉ ዝያዳ ኣደልዲሉ ወጸ። ኣብ ግንቦት ናይቲ ዓመት'ቲ፡ ኣሃዱ ፍሉይ ስርሒታት ኮማንዶ ኣብ ወተሃደራዊ መዕርፎ ነፈርቲ ኣስመራ በርቃዊ ተርግእ ብምፍጻም 33 ነፈርቲ ውግእ ኣዕነወ። በዚ ስርሒታት'ዚ ሚዛን ሓይሊ ናብ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ክዛዙ ጀመረ። ኣብ መፋርቕ 1985 ድማ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ነታ ሓያል ዕርዲ ሰራዊት ደርግ ዝነበረት ከተማ ባረንቱን ከባቢኣን ኣጥቂዑ ተቘጻጸራ። በዚ ግስጋሰ'ዚ ዝተሰናበደ ስርዓት ደርግ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ኢትዮጵያ ዝነበረ ሓይሊ ኣኻኺቡ፡ ንከተማ ባረንቱ ንምሓዝ ነዊሕ ምርብራብ ኣካየደ። ኣብ ሓንቲ ከተማ ክሳብ ክንድኡ ምትህልላኽ ንረብሓ ሰውራ ዘገልግል ብዘይምንባሩ ከኣ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር፡ ካብ ከተማ ባረንቱን ተሰነይን ምዕራባዊ ኤርትራን ኣዝሊቑ፡ ናብ ቀወምቲ ዕርድታቱ ተመልሰ። በቲ ህዝባዊ ግንባር ዝወሰዶ ናይ ምዝላቕ ስጉምቲ ዝተባብዐ ስርዓት ደርግ፡ ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ተዳኺሙ እንከሎ ሕጂ ምቅባጹ ብዝብል ኣጉል ገምጋም፡ ዘሎ ሓይልታቱ ኣኻኺቡ፡ "ወፍሪ ባሕረ ነጋሽ" ኢሉ ዝሰመዮ መጠነ ሰፊሕ ወራር ብምብጋስ ናብቲ ድሕሪ ምድምሳስ መብረቅ እዝ ገዲፍዎ ዝነበረ ሰሜናዊ ምብራቕ ሳሕል ተመሊሱ፡ ኣብ ቀወምቲ ዕርድታት ሰራዊት ህዝባዊ ግንባር ሓያል መጥቃዕቲታት ፈነወ። እንተኾነ ኣብ ክልተ ገጻት ወፍሪ ባሕረነጋሽ ስርዓት ደርግ ንዕርድታት ሳሕል ክሰብሮ ኣይከኣለን። በዚ ድማ ወፍሪ ባሕረ ነጋሽ እውን ከም ካልኦት ወራራት ድሕሪ ናይ ክልተ ኣዋርሕ ምርብራብ ዘፍ በለ።